RM Partners
NW & SW London Cancer Alliance

NHS

# እንታይ ከም እትጥምት...

## ናይ መንሽሮ ሓበሬታን ምልክታትን

መንሽሮ ኣብ ፈለማ ደረጃ ምርካብ ሂወት የድሕን እዩ፣ ስለዚ ንዓኻ ካብ ንቡር ወጻኢ ዝኾነ ነገር ምስ እትምልከት ንናይ ጥዕና ክንክን በዓል ሞያኻ ሓብር።

ናይ መንሽሮ ኩሎም ሓበሬታን ምልክታትን ክትዝክር ምፍታን ኣየድልየካን እዩ - ንሰዉነትካ ስምዓዮ ከምኡዉን ንዓኻ ካብ ንቡር ወጻኢ ዝኾነ ነገር ምስ እትምልከት ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።

ዝበዝሐ ግዜ ሓበሬታን ምልክታትን ክንዲ መንሽሮ ብርትዑ ብዘይኮነ ነገር እዮም ዝኸሰቱ - ይኹን እምበር መንሽሮ ምስ ዝኸዉን፣ ኣቐዲምካ ምርካቡ ናብ ሓቒ ፍልልይ ከምጽእ ይኽእል እዩ።

**ንዝያዳ ሓበሬታ ስካን ግበር ከምኡዉን 'CRUK ኣቐዲምካ ርኽበት መንሽሮ ስለምንታይ እዩ ኣገዳሲ' ዝብል ፈትሽ።**

*እዚ ሓበሬታ ካብቲ ብፈለማ ብ Cancer Research UK፣ ከምኡዉን Macmillan Cancer Support ዝፈረየ ትሕዝቶ ዝመጸ እዩ፣ ብፍቓድ ኣብ ኣገልግሎት ዊዒሉ።

# እንታይ ከም እትጥምት...

## እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብቶም ቐንዲ ሓበሬታን ምልክታትን ናይ መንሸሮ እዮም።

## ዝኾነ ነገር ንዓኻ ንቡር ዘይኮነ ምስ እትርኢ - ሸለል ኣይትበሎ።

## ኣብዚ ዝርዝር ይሃሉ ኣይሃሉ፣ መርመራ ገበር።

- ኣዝዩ ብርቱዕ ናይ ለይቲ ምርሃጽ
- ብርቱዕ ድኻም
- ዘይግለጽ ምፍሳስ ደም ወይ ደም ምስራብ
- ዘይግለጽ ቓንዛ ወይ ሕማም
- ዘይግለጽ ምጉዳል ሚዛን ሰዉነት
- ዘይንቡር ጽቒ ወይ ሕበጥ ኣብ ዝኾነ ቦታ ናይ ሰዉነትካ
- ሓድሽ ብረት ወይ ምቕይያራት ናይ ሓደ ብረት
- ዘይሓዊ ቑስሊ/ዝቖሰለ
- ሓድሽ ወይ ዝቐያየር ናይ ቖርበት መቑሰልቲ ከም ዓቐኑ ዝዓቢ ወይ ሕብሩ ዝቕይር ዘሎ ብረት

**ብዛዕባ እዞም ዝኾኑ ምልክታት ንዓኻ ቐጸልቲ፣ ሃንደበታዊያን ወይ ዘይንቡር ምስ ዝኾኑ ነቲ ናይ GP ልምምድካ ርኸቦ።**

*እዚ ሓበሬታ ካብቲ ብፈለማ ብ Cancer Research UK፣ ከምኡዉን Macmillan Cancer Support ዝፈረየ ትሕዝቶ ዝመጸ እዩ፣ ብፍቓድ ኣብ ኣገልግሎት ዊዒሉ።



- ዘይሓዊ ዝተዓፈነ ድምጺ፣ ላሕታት ወይ ስዓል
- ካብ ሰለስተ ሰሙን ንላዕሊ ዝጸንሕ ናይ ኣፍ ወይ መልሓስ ቑስሊ

- ደም ምስዓል
- ጸገም ኣብ ምዉሓጥ

- ጸገም ምስትንፋስ
- ቖጸሊ ዝኾነ ቖሓር ወይ ዘይምሕቓቕ

- ዘይንቡር ለዉጥታት ኣብ ዓቐን፣ ቕርጺ፣ ወይ ኩነታት ናይ ጡብ፣ ወይ ኣፍልቢ፣ እንተላይ ጫፍ ጡብ ወይ ናይ ቖርበት ምቕይያር

- ቖጸሊ ዝኾነ ምንፋሕ
- ምጥፋእ ሸዉሃት/ዘይግለጽ ምጉዳል ሚዛን ሰዉነት

- ለዉጢ ኣብ ልምዲ መዓናጡ፣ ከም ምድራቕ፣ ቖጢን ሽንቲ ደገ ወይ ተደጋጋሚ ሽንቲ ደገ ምዉጻእ
- ደም ኣብ ሽንቲ ደገኻ

- ዘይትጽበዮ ናይ ርሕሚ ምድማይ፣ እንተላይ ድሕሪ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም፣ ኣብ መንጎ ወርሓዊ ጽግያት ወይ ድሕሪ ምቑራጽ ወርሓዊ ጽግያት
- ደም ኣብ ሽንቲ ማይ
- ጸገማት ኣብ ምሻን

*እዚ ሓበሬታ ካብቲ ብፈለማ ብ Cancer Research UK፣ ከምኡዉን Macmillan Cancer Support ዝፈረየ ትሕዝቶ ዝመጸ እዩ፣ ብፍቓድ ኣብ ኣገልግሎት ዊዒሉ።

# ምልክታት ምርመራ ንምግባር ናብ ናይ ክንክን ጥዕና በዓል ሞያ ኪድ

**ዝቕጽሉ፣ ዘይግለጹ ወይ ንዓኻ ዘይንቡር ዝኾኑ ምልክታት ምስ ዝህልዉኻ፣ ኩሉ ግዜ ካብ ዶክተርካ፣ ነርስ፣ ሸያጢ መድሃኒት ወይ ልምምድ GP ምኽሪ ዉሰድ።**

## ንዶክተርካ፣ ነርስ፣ ሸያጢ መድሃኒት ወይ ልምምድ GP ንምዝርራብ ምኽርታት፦

- ብዛዕባ ክትብሎ እትደሊ ሕሰብ።
- ገለ ዝርዝራት ክትጽሕፍ ክትደሊ ትኽእል ኢኻ።
- ሓደ ሓደ ግዜ ቖጸራ ምሓዝ ከቢድ ክኸዉን ይኽእል እዩ፣ ካብ ሓንሳብ ንላዕሊ ክትድዉል ከድልየካ ይኽእል እዩ።
- ንደገፍ ሓደ ሰብ ምሳኻ ዉሰድ።
- ተዛረብን ስማዕን፣ ምልክታት ብገዛእ ቓላትካ ንኽትገልጾም ፈትን።
- ንዝኾነ ሕቶታት ክሳብ ዝተኻእለካ ሓቒ መልሶም።
- ናይ ጥዕና በዓል ሞያኻ ንዘይተረዳእካ ነገር ከብርሃልካ ይኽእል እዩ።
- ዘክር፣ ምልክታት ዝበዝሐ ግዜ ዘየሻቕሉ ነገራት እዮም።

ምርመራ መንሸሮ ቅድሚ ምልክታት ምምዕባልካ መንሸሮ ንምርካብ ዝዓለመ ከም ዝኾነ ብኽብረትካ ዘክር። ናይ ምርመራ ቖጸራ ተሳቲፍካ ምስ ትኸዉን ይኹን ግን ዘሻቕለካ ምልክት ምስ ዝህልወካ ብኽብረትካ ነቲ GP ልምዲ ርኸቦ። ብዛዕባ ነጻ ምርመራ መንሸሮ ዝያዳ ርኸብ - **ብዛዕባ ምርመራ መንሸሮ ዝያዳ ንምፍላጥ ስካን ግበር ወይ 'RM መሻርኽቲ ምርመራ መንሸሮ ከምኡዉን ንስኻ' ኢልካ ፈትሽ።**

## ናይ GP ልምድኻ ደዊልካ ከምኡዉን ብዛዕባ ዝኾነ ርግጸኛ ዘይኮንካሉ ነገር ምኽሪ ሕተት።

*እዚ ሓበሬታ ካብቲ ብፈለማ ብ Cancer Research UK፣ ከምኡዉን Macmillan Cancer Support ዝፈረየ ትሕዝቶ ዝመጸ እዩ፣ ብፍቓድ ኣብ ኣገልግሎት ዊዒሉ።